ለጎ

# ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ ምንግስቲ ትግራይ

ቢሮ ትምህርቲ ቢሮ ጥዕና ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ

# ግደ ወለዲ ድሕንነት ህፃናት ንምሕላውን ካብ ዝተፈላለዩ ሓደጋታትን ጥቕዓትምን ንምሕላው

ንመምህራን፣ ሰራሕተኛታት ትካላት ሓብሐብቲ ህፃናትን ወለድን ንምይይጥ ዝተዳለወ ጥራዝ መሰልጠኒ

2012 ዓ.ም

## ተርጉምትን ኣስማዕማዕትን

1. ኣይተ ኣስመላሽ ባራኺ
2. ኣይተ ኣሰገደ ኣሳሂል
3. ኣይተ ስዩም ሓጐስ

## ግደ ወለዲ ድሕንነት ህፃናት ንምሕላውን ካብ ዝተፈላለዩ ሓደጋታትን ጥቕዓቶምን ንምክልኻል

## ትሕዝቶ

**ርእሲ** **ገፅ**


ሓፈሻዊ መምርሒ…………………………………………………………………………..

ዒላማ ስልጠና……………………………………………………………………………

ክፍሊ ሓደ፡ ረብሓ ሓለዋ ድሕንነት ህፃናት ……………………………………………….

ንህፃናት ዝጎድኡ ተግባራት………………………………………………………………..

1. መጥቃዕቲ ኣካል ……………………………………………………………

2. መጥቃዕቲ ስምዒት ኣእምሮ ………………………………………………

3. ፆታዊ መጥቃዕቲ……………………………………………………………… ...

4. ዕሽሽነት……………………………………………………………………..

ኣብ ልዕሊ ህፃናት ዝፍፀሙ ጎደእቲ ተግባራት ዘስዕብዎ ጉድኣት እንታይ እዩ? ....................

ቀንዲ መልእኽቲ……………………………………………………………………………

ክፍሊ ክልተ፡ ወለዲ /መዕበይቲ ብኸመይ ድህንነት ህፃናት ምርግጋፅ ይኽእሉ?.........................

ዕላማ እ ቲ ምይይጥ……………………………………………………………

ቀንዲ መልእኽቲ……………………………………………………………………………..

ተወሳኺ መረዳእታ ንመሳለጢ…………………………………………………………………

ህፃናት ጉዳኣት ከይብፅሖም ዘመላኽቱ ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት ምፍላጥ……………….

ህፃናት ካብ ጥቕዓት ንምክልኻል እንታይ ምግባር የድሊ?.......................................................

ኣብ ህፃናት ዝበፅሕ መጉዳእቲ ንምክልኻል ክጥዕም ንወለዲ ተወሰኽቲ ሓበሬታት……………….

ሓለዋ ድህንነት ኣናእሽተይ ህፃናት………………………………………………………………

ኣብ ህፃናት ሃንደበታዊ ሓደጋ ንዝበፅሕ ጉድኣት ወለዲ ክፍፅምዎም ዝግባእ ድልውነትን ስጉምትን …………………………………………………………………………………….

## ግደ ወለዲ ካብ ዝተፈላለዩ ሓደጋታት ምሕላውን ድሕንነት ህፃናትን

**ዕላማ እቲ ስልጠና** ፡ ኣብ መወዳእታ እዚ ስልጠና ወለዲ/መዕበይቲ

- ድሕንነት ህፃናት ብኣግባቡ ንምንክንኻንን ህፃናት ካብ ዝተፈላለዩ ሓደጋታትን ጥቃዕትን ንምሕላው እንታይ ምግባር ከምዘድልይን ከምዝክኣልን ግንዛበ ይጭብጡ።

**ተሳተፍቲ እቲ ስልጠና**

ተሳተፍቲ እቲ ስልጠና ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት / ቢሮታት መምህራን፣ኣብ ትካል መሐብሐቢ ህፃናት ዝስርሑ ሰረሐተኛታት ከምእውን ወለዲ ወይ መዕበይቲ ህፃናት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

**ክለሳ/ምእያም /**

ኣብ መጀመርያ እቲ ስልጠና ሕድ ሕድ ሰልጣኒ ብዝሓለፈ ዝተምሃርዎ ንምዝካር ንክሕግዝ ክልተ ተሳተፍቲ ብምሕራይ ናይ ዝሓለፈ ምይይጥ ፍረ ሓሳብ ንክቕርቡ ኣቐዲምካ ምሕታት የድሊ።

ንኣብነት፦

1. ኣብ ዝሓለፈ ዝተመያየጥናሉም ነገራት እንታይ እንታይ ነይሮም?
2. ኣብ ዝሓለፈ ካብ ዝተመያየጥናሉም ርእሰ ዋኒናት ኣንፃር ኣብ ገዛኹም ምስ ደቕኹም እንታይ ገይርኹም? ዘጋጠመኩም ፀገም ነይሩ ደ?
3. ናይ ዝሓለፈ ትምህርቲ ነጎረበትኹም ኣማቕለኩም ወይ ኣካፊልኩሞም ዶ?

**ተፍትሽ ቅድመን ድህረን ስልጠና**

ሕድ ሕድ ናይ ስልጠና ክፍሊ ቅድሚ ስልጠና ምጅማሩ ንተሳተፍቲ ቅድመ ስልጠና ተፍታሽ ይወሃቦም።ኣብ ስልጠና ዝረኸብዎ ፍልጠት ንምግምጋም ድማ ድህረ ስልጠና ተፍታሽ ኣብ ሕድ ሕድ ስልጠና መወዳእታ ይወሃብ ።

**ሓፈሻዊ ደንብታት ስልጠና፤**

**መሳለጥቲ**

ኣብ መጀመርያ መዓልቲ ስልጠና ዝስዕቡ ናይ ስልጠና ደንብታተት ንተሳተፍቲ የፍልጥዎም

- ናይ ሰልጠንቲ ኮፍ ኣበሃህላ ብመልክዕ ፍርቂ ክቢ ብምስራሕ እንትዝኸውን ከም ዝምርፅ ምፍላጥ
- መሳለጢን ተሳተፍትን ምፍላጥ ምክያድ
- ብስዓትኻ ምርካብ
- ኣብ እዋን ስልጠና ሞባይል ስልኪ ድምፂ ኣልባ ምግባር
- ኣብ ሕድ ሕድ ናይ ስልጠና ክፍለ ግዘ ምርካብ
- ዕቡኞ ተሳትፎ ምግባር
- ናይ ካልኦት ሓሳብ ምኽባር
- መረፃ መዘኻኸራይ፣ ኣብ ሕድ ሕድ መጀመርያ ማዓልቲ ብዛዕባ ዝሓለፈ ዝተምሃርዎ ትምህርቲ ንተሳተፍቲ ንምዝኽኻር ብሓፂር ገለፃ ዝገብሩ ክልተ ተሳተፍቲ ብምምራፅ ንሓሙሽተ ደቒቓ ምምይያጥ
- ናይ ስልጠና ቦታ ምስትኽኻል ኣብ ሕድ ሕድ ማዓልቲ ስልጠና መጀመሪያ ንዓሰርተ ደቒቓ ዛእክል ናይ ስልጠና መተሓባበርቲ ናይ ስልጠና ቦታ ንከማዓራርዩ ምግባር
- ሰዓት ተቆፃፃሪ መምራፅ

**ዘድልዩ ናዉቲ**

- ብደረጃ ዕድመ ህፃናት ዝተዳለዉ ነበረያ ነበረ ወይ ናይ ታሪክ መፃሕፍቲን ስእልታት
- ፅሩይ ናይ መፅሓፊ ሰሌዳ / ፍሊፕ ቻርት
- ማርከር
- እስክርቢቶን ማስታወሻ ደብተርን
- በራሪ ፅሑፋት/ቡረሸር

**ኣብ ሕድሕድ ስልጠና ዝተሓዝ መዘከርታ**

ኣብ ሕድ ሕድ ስልጠና መወዳእታ መሳለጢ ብዛዕባ ከይዲ ምይይጥ ኣመልኪቱ መዘከርታ ክሕዙ ትፅቢት ይግበር፡፡ንምይይጥ ብዝገብርዎ ምድላው ወይ ኣብ ከይዲ ምይይጥ ውዕእ

ዘበሉ ሓሳባት ግን ድማ ኣብቲ ምዕራፍ ክካተቱ ዝነበሮ ሓሳባት ኣብ ካልእ ግዘ ክፅነዑ ዝግበኦም ፍረ ሓሳባት ኣበ መዘከርታ ምሓዝ፡፡እዞም ፍረ ሓሳባት እዚኦም ኣብ ናይ መሰልጠኒቲ ስልጠና ኣዋን ምይይጥ እንዳተገበረ እዚ ሰነድ ንቐፃላይ ብዝበለፀ ንክምዕብል ይሕግዝ፡፡፡

### ተግባር 1፡ ምእያም ዝሓለፈ መርሃ ግብሪ ምይይጥ (ሓሙሽተ ደቒቃ)

> **መሳለጥቲ**
>
> ክልተ ፍቓደኛታት ተሳተፍቲ ናይ ዝሓለፈ ናይ ምይይጥ ፍረ ሓሳባት ንክዘኻኽሩ ብዝስዕብ ኩነታት ይጠይቒ

1. ኣብ ዝሓለፈ ዝተመያየጥናሎም ነገራት እንታይ እንታይ ነይሮም?
2. ኣብ ስልጠና ዝረኸብክምዎም  ፍልጠት ንካልኦት ሰባት ኣማቒልኩም ዶ?

## ክፍሊ ሓደ፡ ረብሓ ድሕንነትን ሓለዋን ህፃናት

### ተግባር ክልተ፡ ጉጅለ  ምይይጥ

> **መሳለጥቲ**
>
> ተሳተፍቲ ሓሳቦም ንምይይጥ ንክዳለዉ ክሕግዝ ድሕንነትን ሓለዋን ህፃናት ንምንታይ ክምዝድልይ ካብዙይ ንታሕቲ ብዝተቐመጡ ነጥብታት ንተሳተፍቲ ይገለፀሎም፡፡

መብዛሕቲኦም ህፃናት ኣብ ገዛ ወይ ምስ ስድራ እንተኾይኖም ድህንነቶም ዝተሓለወ ገይሮም ይሕስቡ፡፡ክይኑ ግና ሓደ ሓደ ስድራ ኣበ ውሽጢ ገዛን ኣብ ከባቢኦምን ንህፃናት ድሕንነት ዘስግኡ ኩነታት ይሃልዉ ኣይሃልዉ ብትልሚ ክትትል ኣይገብሩን ፡፡ ዘስግኡ ኩነታት እንተልዮም ወይ ወለዲ ናይ ህፃናት ድሕንነት ንምሕላው እኹል ጠመተ እንተዘይሂቦም ናይ

ህፃናት ድሕንነት ኣብ ሓደጋ ይወድቕ፡፡ድሕንነቱ ዘይተሓለወ ከባቢ ዝባሃል ኣብ ልዕሊ ህፃናት ሓደጋ ዘስዕብ ቦታ እንትኸዉን እዩ፡፡

ድሕንነት ሓለዋ ህፃናት ማለት ኣብ ልዕሊ ህፃናት ጉድኣት ከይበፅሕ ዝውሰደ ናይ ምክልኻል ስጉምቲ ወይ ኣብ ልዕሊ ህፃናት እንዳበፅሐ ዘለዋ ጉድኣት ጠጠው ክብል ዝፍፀም ተግባር እዩ፡፡

- ህፃናት ባዕሎም ክኢሎም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ስለዘይብሎም ድሕንነቶም ምሕላዉ ናይ ወለድን ዝነብርሉ ማሕበረሰብ ዋኒን እዩ፡፡
- ወለዲ ኣብ ልዕሊ ደቆምን ህፃናትን ክበፅሑ ዝኽእሉ ሓደጋታት ከመይ ምክልኻል ከምእውን ከመይ ካብ ሓደጋ ምህዳም ከምዝኽእሉ ምምሃር ትፅቢት ይግበረሎም፡፡
- ወለዲ ኣብ ልዕሊ ደቆም ናይ ህፃናት ድሕንነት፣ ኽብርን ዕብየትን ዝጎድኡ ዝተፈላለዩ ሕማቕ ተግባራት ከይበፅሕ ግቡእ ጥንቃቐን ክትትልን ምግባር ይግበኦም፡፡
- ህፃናት ናብ ቤት ትምህርቲ እንትኸዱን ካብ ቤት ትምህርቲ እንትምለሱ ዝተፈላለየ ሓደጋታት ከይረኽቦም ኣቐዲሞም ምጥንቃቕ ግቡእ እዩ፡፡
- ኣብ ልዕሊ ህፃናት ብዝተፈላለዩ ሰባት ኣካላዊ፣ስምዒታዊ ከምእውን ፆታዊ መጥቃዕቲ ይበፅሖም፡፡
- ሓደ ሓደ ወለዲ ንህፃናት ስርዓት ንምምሃር ብምሕሳብ ብበትርን/ጨንገርን ብመዕጥቐ ስረ ይገርፉ/ይውቅዑ /፣ብኢድ ፅፍዒት ይዋቕዑ፣ ኣዴታትእውን ብኩርኩሚት ይዋቐዓ፣ ይራገፃ፣ ይቕነጭዋ፣ ብፀርፍን ብዋዕታን ይኹርያ፣ ብፀርፍን ብምፍርራሕን የዳናግፃ፣ ብገመድ ብምእሳር፣ ብዝረሰነ ሓፂን ብምርሻሽ/ምትካስ/ ከምእውን በርበረ ብምዕጣን ይቐፅዓ፡፡
- ካልኦት ሰባት ድማ ኣብ ልዕሊ ህፃናት ኣእምሮ፣ዕብየት፣ጉልበትን ህይወትን ዝላዓለ ሓደጋ ክብፅሑ ዝኽእሉ ጎዳእቲ ተግባራት ይፍፅሙ፡፡

## ዒላማታት ምይይጥ

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ እዚ ምይይጥ ፡

- ኣደላይነት ድሕንነትን ሓለዋን ህፃናት ብምግንዛብ ኣብ ልዕሊ ህፃናት ዝበፅሑ ተግባራት ዝንክየሉ ሜላ/ስልቲ ይዛረቡ፡፡
- ንህፃናት ድሕንነት ኣስገእቲ ዝኾኑ ተግባራት ይፍልዩ፡፡
- ኣብ ልዕሊ ህፃናት ድሕንነት ሓደጋ ዝብፅሑ ነገራት ብምፍላይ ናይ መፍትሒ ስጉምትታት ይገልፁ፡፡

**መሳለጥቲ**
**ናይ ምይይጥ ዕላማታት ንስልጠና ተሳተፍቲ የንብብሎም**

**መሳለጥቲ**

1. ተሳተፍቲ ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ክውደቡ ይግበሩ

2. ሕድ ሕደ ጉጅለ ናይ ባዕሎም መመያየጢ ይመርፁ። ከምእውን ናይቲ ምይይጥ ቃለ ጉባኤ ዝፅሕፍን ቀዒልዉን ንተኣከብቲ እቲ ዘነበረ ምይይጥ ቁምነገር ዘቕርብ ሰብ ሓደ ከካብ ጉጅለኡ ምምራፅ ይግባእ።።

3.ንሕድ ሕድ ጉጅለ ዝተፈላለዩ ሓፀርቲ ዛንታታት ዝገልፁ ፅሑፋት ብምሃብ እቲ ዛንታ ኣንቢቦም ቕድሚ እቲ ዛንታ ብምምይያጥ ንዝቐርብሎም ሕቶታት መልሲ ንክህቡ ይግበሩ።

ናይ ምይይጥ ተሳተፍቲ ቀዒሉ ብዝቐርቡ ኣርባዕተ ተጎንፎታት ምስ ኣንበቡ ሕድ ሕድ ጉጅለ ዝስዕቡ ሕቶታት ንክምልሱ ይንገርዎም።

**ንምይይጥ ተሳተፍቲ ዝቐርቡ ሕቶታት፡**

1. ካብ ዝስማዕክምዎ ዛንታ ኣብ ልዕሊ ህፃናት ድሕንነት ሓደጋ ክስዕቡ ዝኽእሉ ኩነታት ኣየኖት እዮም?

2. ኣብ ውሽጢ ዛንታ ዝተገለፁ ህፃናት መወዳእቶኦም እንታይ ዝኾውን ይምስለኩም?

<u>ዛንታ ሓደ - ደስታ</u>

ደስታ ካልኣዩ መልክዐኛ ወዲ 4 ዓመት ህፃን እዩ።ወለዱ ኩሉሻብ ይባኣሱ እዮም።ደስታ ካብ ክልተ ዓመቱ ጀሚሩ ኣቦኡ ኩልሻብ ንኣዲኡ ዋዕ ኢሎም እንዳተፃረፉ እንትወቕዕወን ይርእይ።ኣዲኡ እንትውቐዓ ዋዕ ኢለን ድምፂ የስምዓ።ደስታ እውን ናይ ኣዲኡ ዋዕ ዝብል ድምፂ ብምስማዕ ዋዕ ኢሉ ድምፂ የስምዕ።በዚ ዝተልዓለ ንኣቦኡ ምፍራሕ ይጀምር።ብተወሳኺ ኣቦኡ ንትሕዝዎ ዋዕ ዝበለ ድምፂ የውፅእ።ኣብ ቀረባ ድማ ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ሰባት ድምፆም ዋዕ ኣቢሎም እንትዛረቡ እንተሰሚዑ ዋዕ ብምባል ይበክይ።ኣዲኡ ዝበክይ ወዳ ንምጥባር ብጣዕሚ ትፅገም።

## ዛንታ ክልተ - ሙሉ ብርሃን

ወይዘሮ ሙሉ ብርሃን ኣዶ ሰለስተ ቆለዑት  እያ፡፡ባዓለ ገዛኣን ብምማቱ ቆለዕታ ዝተዕብዮም መዓልታዊ ስራሕ እንዳሰርሐት እያ፡፡ናብ ስራሕ እንትትኸይድ እቲ ናይ መወዳእታ ዝተወለደ ውላዳ ሒዛ እዩ፡፡ናብ ስራሕ እንትትከይድ ገዘኣ ከይስረቓ ስለዝትፈርሕ በሩ ኣፅያ ክልተ ደቓ ድማ ኣብ ጎረበት ከይዶም ክፃወቱ ትገብር፡፡ጎራብታ ቆልዕታ ንክከታተላላ ትዛረበን፡፡፡

ቆለዑት ወይዘሮ ሙሉ ብርሃን ኣደኦም ክሳብ ትመፅእ ኣብ ቅድሚ ገዘኦም እንዳተፀዋቱ ይፅበይዋ፡፡ሓደ ሓደ ግዘ ድማ ኣብ መንገዲ ወዲቑ ዝርከብ ጓንቲ፣ጥርሑ ናይ ማይ መትሓዚ ፕላስቲክ፣ ወረቀት ከምእውነ ናይ ሕክምና መርፍእ እንዳኣከቡ ብምምፃእ ይፃወቱ፡፡ኣብ ላስቲክ ከረፂት ዝርከቡ ዝተበላሸዉ ምግብታት እንዳልዐሉ ይምገቡ፡፡ኣብ መንገዲ ኮይኖም ዓበይቲ ህፃናት እንዳተፃረፉ ዝስምዕዎ ሕማቕ ቃላት ንሳቶም እውን እንትባኣሱ ይጥቀምሉእዮም፡፡

## ዛንታ ሰለስተ- ጀሚላ

ጀሚላን ፍላይ ማንታ ሓዋ ከድር ደቂ ሽውዓተ ዓመት እዮም፡፡ ከድር ኩሉ ግዘ ምሰናይ ጎሮቤት ቆለዑት እንትፃወት ጅሚላ ግን ኣብ ገዛ ውሽጢ ዝስረሑ ስራሕቲ ንኣዴኣ ክትሕግዝ እምበር ካብ ገዛ ክትወፅእ ኣይፍቐደላን፡፡ኮይኑ ግና ኣብ ገዛ ስራሕ እንድሕር ዘየለ ጀሚላ ንደገ ወፂኣ ምስ ንከድር ደገ ወፂኣ ክትፃወት ኣዴኣ ትፍቕደላ እያ፡፡ ዝነብርሉ ከተማ ሰብ ዕግርግር ዝበዝሖ ብምዃኑ መፃወቲ ሜዳ /ጎልጎል/ የለን ፡፡ ስለዙይ ቆለዑት ካብ ቤት ትምህርቲ መልሲ ጣዓሞቶም/መማሸይኦም/ በሊዖም ኣብ መንገዲ ላዕልን ታሕትን ይጎዩ ከምእውን ኣብ ኩሉ ቦታ እንዳተፃወቱ የምስዩ፡፡በቲ መንገዲ ብዝተፈላለየ ኣንፈት ብዙሓት ሰባት፣ኣኽልብቲ፣ኣእዱግ፣ኣብዕር፣ ኣላሕምን ተሽከርከርትን ይመሓላለፉ፡፡ቆለዑት ድማ ኩሉሻብ ኣብ ሓፁርን ኣብ ወሰን መንገዲ ዝተተኸሉ ተኽልታትን እንዳተንጠላጠሉን እንዳተራገሑ የምስዩ፡፡ከድርን መሓዙቱን እንዳተራገሑ ዝረኣዩ ሓደ ሓደ መንገደኛታት ከይፃለኡ ይመኽርዎም፡፡ሓደ ሓደኦም ድማ እንዳሰሐቑ በሉ ደኣ አጀኹም እንዳበሉ የበራተትዕዎም ነበሩ፡፡ውሕዳት ሰባት ድማ ብጣዕሚ ብምግራፍ ይቐፅዕዎም ነበሩ፡፡

## ዛንታ ኣርባዕተ-  ሚሚን ሓጋዚ መምህራን

ሚሚ ጓል ሽውዓተ ዓመት ኮይና ናይ 1ይ ክፍሊ ተምሃሪት እያ፡፡ ሚሚ ምስ ወለዳን ክልተ ዓበይቲ ኣሕዋታን እያ ትነብር፡፡ አቦ ሚሚ ካህን እንትኾኑ ኣዴኣ ድማ ኣብ ገዛ ውሽጢ ዘሎ ሓላፍነት ገዛ ብምውሳድ የማሓዳድራ፡፡ ኣቡ ዝበሃል ኣብ ጎረበተን ዝርከብ ናይ 8ይ ክፍሊ ተምሃራይ ንሚሚ ኣብ ሰሙን ሰለስተ ማዓልቲ ክትፅንዕ ይሕግዛ፡፡ኣቡ ወዲ 15 ዓመት ቆልዓ እዩ፡፡ሚሚ ትምህርታ ክተፅንዕን ከምእውን ገዛ ዕየ ክትሰርሕን ኣቡ ይሕግዛ፡፡ኣቡ ፅቡቕ ቆልዓ ብምዃኑነ ንሚሚ ብምሕጋዙን ዝተልዓለ ወለድቲ ሚሚን ሚሚን ንኣቡ ይፍትውዎ፡፡ኣቡ ንሚሚ ክተፅንዕ ዝሕግዛ ኣብ መደቀሲ ዓራት ሚሚ ከፍ ኢሎም እዩ፡፡ ኣቡ ንሚሚ ገዛ ዕዮ ንክስርሕ ዝሕግዛ ብጣዕሚ ተፀጋጊዖም ኮፍ ብምባል ከምእውን ክትፅሕፍ እንተላ ንምሕጋዝ ብማእግራ ኣበሉ ኢዳ ብምሓዝ እዩ፡፡

ሓደ ሓደ ግዘ ድማ ዝተኸደነቶ ሱረ ይሕዝ፡፡ብተወሳኺ እውን ከናፍራን ኣጥቧታን ይድህስስ ፡፡ ኣቡ እንትነኻኽአ ሚሚ ድሰ ይብላ ፡፡

**ንምይይጥ ተሳተፍቲ ዝቐርቡ 2 ሕቶታት፡**

1. ካብ ዝሰማዕክምዎ ዛንታታት ኣብ ልዕሊ ድሕንነት ህፃናት ሓደጋ ከብፅሑ ዝኽእሉ ፍፃመታት መኒኦም እዮም?
2. ኣብቲ ዛንታ ዝተጠቐሱ ህፃናት መወዳእተኦም እንታይ ክኸውን ይኽእል?

**ምድማፅ ሪፖርት ጉጅለ (ዒስራ ደቒቓ)**

**መሳለጥቲ፡**

1. ተሳተፍቲ ኣብ ላዕሊ ዝቐረቡ ሕቶታት ምስ ተመያየጡ ብተወከልቶም ኣቢሎም በብተራ ዝበፅሕዎ መደምደምታ /መልስታት/ ንተሳተፍቲ ምግላፅ ይግበኦም፡፡
2. ንሕድ ሕድ ጉጅለ መቕረብቲ ሓሙሽተ ሓሙሽተ ደቒቓ ጥራሕ ብምፍቓድ ናይ ጉጅለኦም መልሲ ከቕርቡ ምግባር
3. ሓደ ኣቕራቢ ኣቕሪቡ ምስወደአ ክልተ ተሳተፍቲ ርኢቶታት ክህብ ወይ ደማ ሕቶታት ከቕርብ ይፈቐድሎም፡፡፡

ኣብ ልዕሊ ተሳተፍቲ ዝሃብዎ ርኢቶታት መመያየጢ መስተኻኸሊ ወይ መጠናኸሪ ሃሳብ ምቕራብ ይግባእ፡፡

**ተፍትሽ ፡ (ሓሙሽተ ደቒቓ)**

**መሳለጥቲ**

ክልተ ተሳተፍቲ ብምምራፅ ***ብዛዕባ ድሕንነትን ሓለዋን ህፃናት እንታይነትን ረብሓታትን*** ብሓፂሩ ከብራህርሁ ይሕተትዎም፡፡ንተፍትሽ ዝቐርቡ ሕቶታት ተሳተፍቲ ኣብ ዕለቱ እንታይ ዛእክል ከምዝተምሃሩ ንምግምጋም እምበር ፈተና ከምዘይኮነ ንወለዲ ክገልፅሎም ይግባእ፡፡

# ህፃናት ዝጎድኡ ተግባራት

**መሳለጥቲ**

ድሕንነት ህፃናት፣ጥዕና፣ክብርን ዕብየቶም ዝጎድእ ሕማቕ ኣተሓሕዛ /ኣተዓባብያ/ ከይዲ ኩሉ ሕፃናት ምስቓይ ይባሃል። ኣብ ልዕሊ ህፃናት ዝበፅሕ ዝተፈላለዩ ተግባራዊ ምስቓያት ኣለዉ። ሓደ ሓደ እዋን ኮነ ተባሂሉ ብዕላማ ዝፍፀሙ ህፃናት ናይ ምስቓይ ተግባራት ከምዘለዉ ኮይኖም ዓበይቲን መናእሰይን ብዘይምፍላጥ ኣብ ልዕሊ ህፃናት ተግባራት መጥቃዕቲ ይፍፅሙ። ህፃናት ምጥቃዕ ድንጋገታት ሕጊ ምጥሓስ እዩ።ኣብ ልዕሊ ህፃናተ ዝበፅሑ ዝተፈላለዩ ተግባራዊ መጥቃዕቲታት ኣለዉ። እዚኦምእውን፡ ኣካላዊ መጥቃዕቲ፣ መጥቓዕቲ ስምዒት ኣእምሮ፣ ወሲባዊ መጥቓዕቲ ዕሽሽ ምባል ማለት እዩ።

## ኣብ ልዕሊ ህፃናት ዝበፅሕ ዓይነታት መጥቓዕቲ

1. **ኣካላዊ ምጥቓዕቲ፡** ወለዲ ወይ መዕበይቲ ህፃናት ብምውቓዕ ወይ ብምቑሳል ጉድኣት ከብፅሑ ይኽእሉ። ኣካላዊ ምሰቓይ ቅንጭዊት፣ ፅፍዒት፣ ምውቓዕ፣ ምጉናፅ፣ ምሕራር፣ ህፃናት ምድርባይን ዝምሳሰሉ እዮም።

2. **መጥቓዕቲ ስምዒት ኣእምሮ፡** ብምፍላጥ ንምጉዳእ ተባሂሉ ወይ ብዘይ ምፍላጥ ነቲ ህፃን ስነ ስርዓት ንምምሃር ተባሂሉ ዝግበር ፀርፊ፣ምድፋእ/ምዝላፍ፣መድሃልትን መርገምን ዝኣምሰሉ ነገራት ስምዒት ኣእምሮ ብቐሊሉ ይጎድኡ። እዚ ኩነታት እንተበፅሖም ህፃናት ብባዕሎም ናይ ምትእምማን ስምዒት ከይህልዎም ይገብር። ስምዒታዊ ምስቓይ፣ብዛዕባ ንባዕሎም ኣትሒትካ ምርኣይ ስምዒት ክህልዎምን ከምእውን ንባዕሎም ዘይረብሑ ገይሮም ክወስዱ ይገብሮም። ህፃናት ኣብ ከባቢኦም ድሕንነት ከይስመዖም ይገብር። ህፃናት ናብ ሕማቕ ባህሪ ካብ ዝደፈፍኡ ነገራት እቲ ሓደ መጥቓዕቲ ስምዒት ኣእምሮ ሓደ እዩ።

**መሳለጥቲ**

ኣብ ልዕሊ ህፃናት ኣካላዊ መጉዳእቲ ዘብፅሑ ተግባራት ኣካላዊ መጥቃዕቲ ይበሃሉ፡፡ እቶም ተግባራት ዝፍፀሙ ኮነ ተባሂሉ ህፃናት ንምጉዳእ ወይ ህፃናት ንምቕፃዕ /ንምስትኽኻል/ ብዝብል ሰበብ ክኾኑ ይኽእሉ፡፡

ብዘይ ምፍላጥ እዚ ተግባር ዝፍፅሙ ሰባት ምኽንያቶም ህፃናት ፅቡቕ ስነ ምግባር ንምምሃር ዝረብሕ ምቹዊ ናይ ጥፍኣት መሰተኻኸሊ ሜላ ከምዝኾነ ይዛረቡ፡፡ ኮይኑ ግና ብኣካላዊ መቕፃዕቲ/ምሰቓይ ዝመፅእ ናይ ስነ ስርዓት መስተኻኸሊ ከምዘየለ እኳ ዳኣስ ነቲ ህፃን ንሕማምን ካልኦት ኣካላዊ መጉዳእቲ ብምስዓብ ተወሳኺ ኣበቲ ህፃን ናየ ባህሪ ፀገም የስዕብ፡፡ ህፃናት ስነስርዓተ ዝነምህረሉ ስሕተት ዝኾነ ተግባር ካብ ትኽክለኛ ፈሊካ ብምምሃርን ቅቡቕ ክትትል ብምግባር እምበር ህፃናት ብሕማምን ብፍርሓትን ክነብሩ ብምግባር ኣይኮነን፡፡  ኣካላዊ መጥቃዕቲ ስነ ስርዓት ካብ ምምሃር ብግልባጡ ህፃናት ይጎድእ፡፡ህፃናት ብኣካላዊ መቕፃዕቲ ገይርካ ንምስትኽኻል ዝፍፀሙ ተግባራት ህፃናት ዘይኮነ ልምዲ ክሓድሮመ ይገብር፡፡ ካብ ምቕንጫውን ምኩርኳምን ጀሚሩ ንህፃን ብልሒ ብዘለዎም ነገራት ምቁራፅን ምውጋእን ከምእውን ብዝወዓየ ነገር ምቅፃል ዝመሳሰሉ ተግባራት ኩሉ ኣብ ልዕሊ ህፃናትኣካላዊን ናይ ባህሪ ፀገም የስዕብ፡፡

**መሳለጥቲ**

ኣብ ልዕሊ ህፃናት ጥቕዓት ስምዒት ኣእምሮ ዘብፅሑ ዓበይቲ ሰባት ጥራሕ እንተይኮኑስ ናይ ዕድመ መሰተኦም እውን እዮም፡፡እዚ ካዓ ኣብ ስድራ ወሸጢን መፃውቲ መሓዝቶም እውን ክፍፀም ይኽእል፡፡  ኩሉሻብ ህፃናት ምውራድ፣ ምድፋእ፣ ምግላል፣ ምውቓስ፣ ምፍርራሕ ከምእውን ምስ ኣሓቶን ኣሕዋቶም ዘይግባእ ውድድር ምግባር ህፃናት ብስምዒት ምስቓይ እዩ፡፡ ህፃናት ብስምዒት ምስቓይ ንህፃናት ፍቕሪ፣ ስምዒታዊ ድጋፍን ኣመራርሓ ዘይምሃብን የጠቓልል፡፡

ኣብ ህፃናት ዝርአ ነዊሕ ናይ ስነ ልቦና  ፀገም ምስ ጥቕዓት ስምዒት ኣእምሮ ክተሓሐዝ ይኽእል እዩ፡፡ ንኣብነት ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ካብ ህፃናት ዝለዓለ ውፅኢት ትምህርቲ ንፅበይ እንተኾይንና ህፃናት እቲ ውፅኢት ከምፅኡ እንተዘይክኢሎም ብቕዓት ከምዘይብሎም ደጋጊምና ክንዛርቦም እንተኾይንና  ስምዒቶም ይጉዳእ፡፡ በዚእውን ብቕዓት የብለይን ዝብል ኣተሓሳስባ ብምሕሳብ ንነዊሕ ግዘ ዝርአይ ናይ ስነ ልቦና ፀገም ክህሰዩ ይኽእሉ፡፡

3. ***ፆታዊ ጥቓዓት***

***መሳለጥቲ***

*ዓበይቲ ሰባት ወይ ብዕድመ ልዕል ዝበሉ ቆለዑት ምስ ህፃናት ተግባራት ፆታዊ ርክብ/ወሲባዊ ተግባር/ እንተፈፂሞም ፆታዊ ጥቓዓት ይበሃል፡፡ኣብ ልዕሊ ህፃናት ፆታዊ ጥቕዓት ዝፍፅሙ ሰባት ህፃናት ብምጥባርን ብምትላል፣ ብምድላል፣ ብምፍርራሕ ወይ ብምግዳድ ክኸውን ይኽእል፡፡*

*ፆታዊ ጥቕዓት ህፃናት ብዝተፈለለየ መንገዲ ክፍፀም ይኽእል፡፡ ንኣብነት፡*

1. *ምስ ህፃናት ፆታዊ ርክብ ምፍፃም*
2. *ክዳን ህፃናት ብምውፃእ ብልዕቲ ምርኣይ ወይ ምንኽኻእ*
3. *ክዳንካ ኣውፂእካ ብልዕቲ ንህፃናት ምርኣይ*
4. *ህፃናት ተግባራት ፆታዊ ርክብ፣ ብልዕቲ ዘርእዩ ስእልታት ወይ ምስልን ድምፅን/ቪዲዮ/ ክርእዩ ምፍቓድ*
5. *ህፃናት ንንግዲ ፆታዊ ርክብ ምጥቃም*
6. *ህፃናት ክዳኖም ከውፅኡ ብምግባር ብልዕቲ ብምስሊ ምቕራፅ*
7. *ህፃናት ናይ ካልኦት ሰባት ብልዕቲ ክነኻኽኡ ምብርትታዕ ወይ ምግዳድ*
8. *ህፃናት ኣብ ተግባራት ፆታዊ ርክብ ንክሳተፉ ምብርትታዕ ወይ ምግዳድ*
9. *ስእሊታት ፆታዊ ርክብ ምርኣይ፣ፊልምታት ወይ ንህፃናት ምይይጥ ፆታዊ ርክብ ክሰምዑ ምግባር*

   *ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩን ዝመሳሰሉ ተግባራት ኩሉ ናይ ህፃናት መሰል ብምጥሓስ ዝፍፀሙ ናይ ጥቕዓት እዮም፡፡*

**መሳለጥቲ**

ኣወዳት ይኹን ኣዋልድ ህፃናት ኣብ ዝኾነ ክሊ ዕድመ ፆታዊ ጥቕዓት ክበፅሖም ይኽእል፡፡ብዙሐ ግዜ ህፃናት ብዝፈልጥዎን ብዝኣምንዎን ሰብ ፆታዊ ጥቕዓት ክፍፅመሎም ይኽእል፡፡ ጥቕዓት ፆታዊ ርክብ ዝበፅሖም ህፃናት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዝበፅሖም ጥቕዓት ኣይዛረቡ፡፡ መብዛሕቲኡ ግዜ ብባህሊ ከምዙይ ዓይነት ጥቕዓታት ክዝረቡ ስለዘይበረታታዕ ህፃናት ንክዛረቡ ይሓፍሩ፡፡ ጥቕዓት ዝበፅሖም ህፃናት እቲ ጉዳይ ንዝኾነ ሰብ ከይዛረቡ ብጥቕዓት ፈፃሚ ምፍርራሕ ስለዝግበረሎም ንወለድቶም እንተኾነእውን ዝበፅሖም ጥቕዓት ኣይዛረቡን፡፡ብተወሳኺ ጥቕዓት ዝበፅሖም ህፃናት ንዝበፅሖም ፀገም ባዕሎም ተሓተቲ ብምግባር፣ንባዕሎም ፀገም ፈጣሪ ገይርካ ብምውሳድን ካብ ወለዶም ዝበፅሖም ኹራ ብምፍራሕ ብዛዕባ ዝበፅሖም ጥቕዓት ምዝራብ ኣይደልዩን፡፡

## 4. ሸለልትነት (መሰረታዊ ድሌታት ህፃናት ምላሽ ዘይምሃብ ወይ ህፃናት ካብ ሓደጋን ጥቕዓትን ዘይምሕላው)

መሰረታዊ ድሌታት ህፃናት ማለት ምግቢ፣ ክዳን፣ መፅለሊ፣ ድቓስ፣ ሕክምና፣ ትምህርቲን ዝመሳሰሉን ከይረኽቡ ምግባር፣ ፍቕሪ ዘይምሃብ ከምእውን ካብ ጥቕዓት ዘይምሕላው ንድሌታት ህፃናት ምላሽ ዘይምሃብ ወይ ሸለልትነት እዩ፡፡ እዚይ ብምፍላጥ ወይ ብዘይምፍላጥ ክፍፀም ዝኽእል ጥቕዓት ህፃናት እዩ፡፡ ድሌት ህፃናት ምላሽ ዘይምሃብ ወይ ሸለልትነት ምርኣይ ኣብ ኣእምሮ ህፃናት ጉድኣት የስዕብ፡፡ በዙይ ዓይነት ዝዓበዩ ህፃናት ምስ ካልኦት እንትነፃፀሩ ብትምህርቶም ኮነ ብማሕበራዊ ንጥፈቶም ዝንጉዕ ናይ ምኺን ዕድሎም ዝስፍሐ እዩ፡፡

**መሳለጥቲ**

ሸለልተኝነት ወለዲ ንደቆም ክገብርዎ ዝግባእ ግቡእ ምክንኻን ብዘይምፍላጥ ወይ ብዘለዎም ናይ ገንዘብ/መነባብሮ ፀገም ክፍጠር ይኽእል፡፡

## ኣብ ልዕሊ  ህፃናት ዝበፅሕ ጎደእቲ ተግባራት ዘሰዕብዎ ሳዕቤን እንታይ እዩ?

**መሳለጥቲ**

ኩሉም ዓይነታት ምስቓይን ድሌት ህፃናት ምላሽ ዘይምሃብ ኣብ ልዕሊ ህፃናት በሰላ የዕርፍ፡፡ እቶም በሰላታት  አካላዊ፣ ስምዒታዊ ወይ አካላዊን ስምዒታዊን ክኾኑ ይኽእሉ፡፡ ከምዘተሳቕዮ በዝሕን ክብደትን  እቲ በሰላ እስካብ ህይወት መወዳእታ ክበፅሕ ይኽእል፡፡ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ስምዒታዊ ኣእምሮ ዝበፅሑ በሰላታት ናይ ህፃናት ስምዒት መንነት፣ማሕበራዊ ርክብ፣ ኣብ ስራሕን ትምህርትን ውፅኢታዊነት /ተዓዋታይነት ብዝኽፍአ ከበላሸዉ ይኽእሉ፡፡

**መሳለጥቲ**

ቁልፊ መልእኽቲ ይገልፅሉም

**ቁልፍ መልእኽቲታት(ሓሙሽተ ደቒቓ)**

- ህፃናት ኣብ ዝውዕልሉ ቦታ ሓደጋ ክበፅሖም ይኽእል፡፡
- ሓደ ሓደ ዓበይቲ ሰባት ኣብ ልዕሊ ህፃናት ድሕንነት፣ ፀባይን ህይወትን ዝፍፅምዎም ሓደጋ ዘስዕብ ተግባራት ህፃናት ምስቓይ ይባሃል፡፡ ህፃናት ዘይምሕብሓብ ወይ ዕሽሽ ምባል ምስቓይ ህፃናት  የስዕብ፡፡ ኣብ ልዕሊ ህፃናት ዝፍፀሙ ጎደእቲ ተግባራትን ዝርኣይ ሸለልትነትን ኣብ ምዕባይ ዝርከቡ ህፃናት አካላዊ፣ ስምዒታዊ፣ ፆታዊን ኣእምሮኣዊ ምዕባለን ናብ ፀገም የእትው፡፡
- ቕንጭዊት፣ ፅፍዒት፣ ምውቓዕ፣ ምጉናፅ፣ ምቅፃል ወይ ምድብራይ አካላዊ ስቕያት እዩ፡፡

- ኩልሻብ ህፃናት ምንሻው፣ ምድፋእ፣ ምውቓስ፣ ምፍርራሕ፣ ምግላል ከምእውን ምስ ኣሕዋቱን ኣሓቱን ዘይግባእ ውድድር ምግባር ቆለዑት ናይ ኣእምሮ ስሚዒት ስቓይ እዩ።
  - ህፃናት ብምትላል ወይ ብምግዳድ ዝፍፀም ፆታዊ ርክብ ህፃናት ብፆታዊ ርክብ ምስቓይ እዩ። ህፃናት ብፆታዊ ርክብ ምስቓይ በዞም ዝስዕቡ ተግባራት ይግለፅ፡
    - ✓ ንህፃናት ብዛዕባ ፆታዊ ርክብ ምውጋዕ
    - ✓ ብስምዒት ፆታዊ ርክብ ናይ ህፃናት ስውነት ምንኽኻእ
    - ✓ ንህፃናት ናይ ዓበይቲ መራብሒ ኣካላት ምርኣይ፣ናይ ፆታዊ ርክብ ስእሊ ምርኣይ
    - ✓ ተግባራት ፆታዊ ርክብ ዝገልፁ ዛንታታት ዘይምውጋዕ
    - ✓ ህፃናት እንዳረአዩ ተግባር ፆታዊ ርክብ ዘይምፍፃም
- መሰረታዊ ድሌታት ማለት ምግቢ፣ ክዳን፣ መፅለሊ፣ ድቃስ፣ ሕክምና፣ትምህርትን ዝመሳሰሉን ክረኽቡ ምግባር ከምእውን ካብ ጥቕዓት ሓለዋ ዘይግባር ንህፃናት መልሲ ዘይምሃብ ወይ ዕሽሽተኛነት እዩ።

ኩሎም ዓይነታት ምስቓይን ንህፃውንቲ መልሲ ምኽላእን ኣብ ልዕሊ ህፃናት ዘልዓለማዊ በሰላ የሕድር። ሓደ ሓደ በሰላታት ኣካላዊ እንትኾኑ ስምዒታዊ በሰላታት ግና ክሳብ መወዳእታ ህይወትካ ዝሓልፍ ኣሉታዊ ፅዕንቶ ብምዕራፍ መንነት ህፃናት ከይተረፈ ኣብ ሓደጋ የእቲ።

## መጠቓለልን ገዛ ዕዮን (ሓሙሽተ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**

ኣብ እዋን ምይይጥ ተሳተፍቲ ኣብ ዙርያ ድሕንነትን ሓለዋን ህፃናት ጠቓሚ መረዳእታ ከምዝረኸቡ ይግመት። ብተወሳኺ ናይ ባዕሎም ተንንፎ፣ዝዓበይሉ ኩነታትን ሓዚ ኣብ ከባቢኦም ኣብ ህፃናት ዝበፅሕ ዘሎ ሓደጋታት ምስ ጎረባብቶም ጠቓሚ መረዳእታታት ተለዋዊጦም። ወለዲ እዚ ብዝምልከት ምስ ጎረባብቶምን ከባቢኦምን ዝርከቡ ማሕበረሰብ ብሓባር መረዳእታ ክለዋወጡ ምዝራብ የድሊ።

ብምቕፃልእውን ዕለታዊ ፍረ ሓሳብ እቲ ምይይጥ ንምዝኽኻር ዝሕግዝ በራሪ ወረቐት ንወለዲ ምሃብ የድሊ።ወለዲ ዝወሃብዎ ወረቐት ብጥንቓቐ ብምሓዝ ምስ ስድረኦም፣ ምስ ጎረባብቶምን ማሕበረሰብ ከባቢኦምን ብሓባር ከንብቡ ዕዮ ገዛ ምሃብ ይግባእ። ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ ኣብ ናይ ሎማዓልቲ ምይይጥ ንዝገበርዎ ተሳትፎ ምምስጋን የድልይ።

**መሳለጢ መዘከርታ ይትሓዙ**

**መሳለጥቲ**

ኣብ መወዳእታ ምይይጥ ዝተረኽቡ ጠቓሚ ትምህርትን ወይ ሓደሽቲ ተመክሮታትን ብዝምልከት መሳለጢ መዘከርታ ክሕዙ ይግባእ። ምኽንያቱ ንቐፃላይ ኣብ ናይ መሳለጥቲ ስልጠና ግዘ ዋና ዋና ሓሳባት ንምዝካርን ተዳልዩ ዝነበረ ማንዋል ንምምሕያሽ ዝሕግዝ ሓሳባት ንምትእኽኻብ ይጠቕም።

## ክፍሊ ክልተ፡- ወለዲ/መዕበይቲ ብከመይ ድሕንነት ህፃናት ምርግጋፅ ይኽእሉ?

**ንምይይጥ ዝተመደበ ግዘ ፡ ስለሳ ደቒቓ**

### ተግባር 1፡ እያሞ መርሃ ግብሪ ሕሉፍ ምይይጥ (ሓሙሽተ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**

ቅድሚ ዕለታዊ ምይይጥ ምጅማር ክለተ ተሳተፍቲ ይምርፁእሞ ኣብ ዝሓለፈ ምይይጥ ዝተልዓሉ ቀንዲ ቀንዲ ፍረ ሓሳባት ንክገልፁ ኣብ ታሕቲ ዝተቐመጡ ሕቶታት የቕርብሉም።

**ንተሳተፍቲ ምይይጥ ዝቐርቡ ሕቶታት**

1. ኣብ ዝሓለፈ ዝተመያየጥናሉም ነገራት እንታይ እንታይ ነይሮም?
2. ኣብ ከባቢና ኣብ ልዕሊ ድሕንነት ህፃናት ፀገም ዘስዕቡ ነገራት ብዝምልከት ብመስረት ዝተገበረ ምይይጥ ኣብ ገዛኹምን ከባቢኹምን እንታይ እንታይ ተግባራት ፈፂምኩም?
3. ተሞክሮኹም ንጎረባብትኹምን ንማሕበረሰብ ከባቢኹምን ኣማቒልኩም ዶ?

**ዒላማ ምይይጥ**

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ እዚ ምይይጥ፡-

- ወለዲ/መዕበይቲ ከመይ ድሕንነት ህፃናት ክረጋገፅ ከምዝኽእል ይገልፁ።
- ወለዲ/መዕበይቲ ከመይ ሓደጋ ዘስዕቡ ነገራት ምክልኻል ከምዝኽእሉ ይዛረቡ።

**ተግባር ክልተ፡ መበገሲ ዕለታዊ ምይይጥ (ዓሰርተ ደቒቓ)**

**መሳለጥቲ**

ካብዚ ንታሕቲ ዝተገለፁ ነጥባት ንተሳተፍቲ የንብብሎም ።

**ዕለታዊ መሳለጥቲ ርእሰ ዋኒንና ብዛዕባ ድሕንነትን ሓለዋን ህፃናት እዩ።**

ብተወሳኺእውን ወለዲ ንህፃናት ከመይ ካብ ሓደጋ ዘስዕቡ ኩነታት ምክልኻል ከምዝኽእሉ ግንዛበ የጨብጥ።

- ዕለታዊ መሳለጢ ርእሰ ዋኒንና ወለዲ ከመይ ድሕንነት ህፃናት ክምዝረጋገፅ ከምዝኽእሉ ይፍትሽ።
- ህፃናት ካብ ጥቕዓት ንምክልኻል ብመጀመርያ ባዕላትና ካብ ምጥቓዕ ህፃናት ነፃ ክንከውን ይግባእ።
- ንህፃናት ዘይስማዕመዑ ጎደእቲ ኣመል/ፀባይ/ እንተልዮምና ዓርስኻ ንምልዋጥ ምምሃር የድልየና።
- ኣብ ኣተሓሕዛ ህፃናት ፀገም ዘለዎም ወለዲ ስብ ሙያ ከመይ ስምዒቶም ክቆፃፀሩ ከምዝኽእሉ ብምምሃር ክሕግዝዎም ይኽእሉ።
- ጥቕዓታት ንኣብነት፡- አእምሯዊ ጥቃት ወይ ንቆለዑት ድሌቶም ምላሽ ዘይምሃብ ድማ ዓብይ በሰላ ይገድፍ።
- በሰላ ስምዒት አእምሮ ህፃናት ንምክልኻል ኣብ ህፃናት ፀገም ዘስዕቡ ኩነታት ምፍላይን እቶም ኩነታት ምልዋጥ ግቡእ እዩ። ብዝኾነ ሰብ ኣብ ልዕሊ ህፃናት ጥቕዓት ክፍፀም ይኽእል።ንኣብነት ብዓበይቲ ህፃናት፣ ብዘመድ፣ ብስድራ፣ብጎረቤት፣ብመምህራንዝምሳሰሉ ፀገም ይፍፀም።

**ተግባር 3፡ ጉጅለ ምይይጥ (ዒስራን ሓሙሽተን ደቒቓ)**

**መሳለጥቲ፡**

**ቅድሚ ምይይጥ ንመበገሲ ዝኸውን ንተሳተፍቲ ዝስዕብ መተኣታተዊ ሓሳብ የቕርቡ።**

ክቡር ሃፍቲ ህዝቢ ህፃናት እዮም። ኮይኑ ግና ኩሉሻብ ባዕሎም ካብ ሓደጋ ናይ ምክልኻል ዓቕሚን ክእለትን የብሎምን። ስለዙይ ድሕንነት ህፃናት ምሕላው ከምእውን ንባዕሎም ካብ ሓደጋ ምክላኻል ክእለት ምምሃር ናይ ወለድን መምህራንን ሓላፍነት እዩ። ሕድ ሕድ ስድራን ቤት ትምህርትን ህፃናት ብዛዕባ ድሕንነትን ምክልኻልን ስጉምትታት ክምህር ኣለዎ። ወላዲ ኣብ ዙርያ ህይወት ደቁ ዘሎ ነገር ኩሉ ብንቕሓት ምክትታልን ህፃናት ዘቕርብዎ ሓሳብ ብውነ ምድማፅ። ስለዘይ ህፃናት ዓርሰ ምትእምማን ክህልዎምን ባዕሎም ከጋጥምዎም ካብ ዝኽእሉ ሓደጋታት ምክልኻል ክኽእሉ ምምሃር ይግበኣና። ብተወሳኺእውን ገዛና ስግኣት ዘይብሉን ናይ ህፃናት ድሌት ዝማለአሉን ሓገዝ ዝረኽብሉን ክኸውን ይግባእ።

ትካል ሕቡራት መንግስታት ብዘውፀኦን ሃገርና ተቐቢላ ብዘፅደቐቶን ስምምዕነት መሰል ህፃናት ሕድሕድ ሰብ ንህፃናት ምሕብሓብን ሓለዋን ናይ ምሃብ ሓላፍነት ከምዘለዎ ተሓንፂፁ እዩ። እዙይ ኣካል ሕገ መንግስቲ ሃገርና ዝኾነ ስምምዕነት መሰል ህፃናት ኩሎም ህፃናት ምግቢ፣ ክዳንን መፅለልን ናይ ምርካብ መሰል ከምዘለዎም የረጋግፅ። ህፃናት ዝኾነ መጉዳእቲ፣ በደል ወይ ጥቕዓት ከይበፅሖም ሓለዋ ክግበረሎም መሰል ኣለዎ።እዚ መሰል ንክኽበር ወለዲ ምስ ህፃናት ብሓባር ክሰርሑ ግቡኦም ዘበለ ክፍፅሙ ይግባእ።

1. ተሳተፍቲ ኣብ ሰለሰተ ከም ዝጉጀሉ ምንጋር።
2. ንሕድሕድ ጉጅለ ዝተፈላለዩ ሓፀርቲ ዛንታታት ዝሐዙ ክልተ ሓፀርቲ ፅሑፋት ምሃብ።
3. ጉጅለታት እቲ ዛንታ ኣንቢቦም ምስ ተመያየጡ ካብ እዙይ ንታሕቲ ዝቐረቡ ሕቶታት መልሲ ንክህቡ ይንገርዎም።
4. ሕድሕድ ጉጅለ መሳለጢ ይመርፁ ከምእውን ተሓዚ ቃለ ጉባኤ ይመርፁን እቲ ፀሓፊ ንተሳተፍቲ በቶም ኣባላት ጉጅለ ዝቐረበ ሓሳባት ጉጅለኡ ወኪሉ የቕርብ።

**ዛንታታት ኣመልኪቱ ንጉጅለ ዝቐርቡ ሕቶታት**

1. ካብ ዝስማዕክምዎ ዛንታ ኣብ ልዕሊ ድሕንነት ህፃናት ሓደጋ ከስዕቡ ዝኽእሉ ኩነታት ኣየኖት እዮም?

2. ኣብቲ ዛንታ ዝተገለፁ ህፃናት መወዳእተኦም እንታይ ክኸውን ይኽእል?

**ዛንታ ሓደ - ኣተዓባብያ በርሀ**

በርሀ 4 ዓመት ስለ ዝኣኸሎ ናብ ቤት ትምህርቲ ቅድመ ስሩዕ ክኣትይ እዩ። በርሀ ሓያልን ዝደለዮ ነገር ብጉልበቱ ዝፍፅምን ህፃን እዩ።በርሀ ናይ ሓዉ ተስፉይ ይኹን ናይ ካልኦት መፃወቲታት እንትደልዩ ከይዱ ብሓይሉ የሕድጎም። ህፃናት እቲ መፃወቲኦም ኣይንህብን እንተይሎም በርሀ ሃቡ ኢሉ ይውቕዖም። ስለዚ ኣዲኡ ንበርሀ ክትቆፃፀሮ ኣይካኣለትን ።ናየ ጎረቤት ህፃናት ወለዲ ንበርሀ ኣባ ቅርታ ኣቕሪቦም። በዚ ዝተበገሰ ኣቦኡ ንበርሀ ኣብ ባዓልቲ ገዘኦምን ወዶምን ሕርቓን/ምንዳድ ኣምፅኦም።  በዚ ዝተሰአ ንበርሀ በብማዓልቱ ይውቕዖም። ብተወሳኺ ንባዓልቲ ቤቶም ብኣግባቡ ስለዘይቐፃዕክዮን ስርዓት ሰለዘየምሃርክዮን እዩ ብምባል ይኹርይዋን ይወቕዕዋን። ተጓናፃነት በርሀ ግን ካብ እዋን ናብ እዋን እንዳወሰኸ ከደ።

**ዛንታ ክልተ- ርክብ ሚሚን ሓጋዚ መምህራን የአስጠኚዋ ግንኙነት**

ሚሚ ሓዚ ጓል ዓሰርተ ክልተ ዓመት ቆልዓ ኮይና ናይ ሓምሻይ ክፍሊ ተምሃሪት እያ። ሚሚ ዕብቕቲ ቆልዓ ኮይና ካብ ምስ ካብ ምስ ኣዋልድ ምስ ኣወዳት እያ ምፅዋት ዝትፈትው። ሚሚ ኣብ ዒስራታት ዕድመ ከባቢ ዘሎ መልክዐኛ ቋንቋ እንግሊዝኛ መምህራ ብጣዕሚ ትፈትዎ እያ። ቋንቋ እንግሊዝኛ መምህራ መምህረይ/ጋሼ/ ብምባል ትፅውዖ። ሚሚ ብትምህርታ ንፍዕቲ ተምሃሪት ስለ ዝኾነት መምህራ ኣብ ክፍሊ ብጣዕሚ እዩ ዘድንቓ። ገዛ ዕዮ ከምዘስርሓ ሓሲቡ ናብ ቢሮ ክሉሻብ ይፅውዓ። ሚሚ ንጓል ሸሞንተ ዓመት ሓፍታ ገነት ምስ መምህራ ፍቕሪ ከምዝሓዛ ትዛረባ። ብተወሳኺእውን ንገነት ኣብ ቤት ትምህርተን ተምሃራይ  ሻብዓይ ክፍሊ ዝኾነ ሓደ ተምሃሪ እውን ፍቕሪ ከምዝሓዛ ነጊራታ።

ሚሚ ንገነት ጥራይ ዝባናም ዝወፅኡ  ሓደ ወድን ጓል እንዳተሰዓዐሙ ዘርእይ ስእሊ ተርእያ። ሚሚ ንሓፍታ ብዙሕ እዋን ምስ መምህራ/ጋሼ/ ኣብ ቢሮኡ ውሽጢ ከምእውን ምስ ኣብ ሻብዓይ ክፍሊ ዝመሃር ተምሃራይ ኣብ ክፍሊ ውሽጢ ጥራያ ከምትኾውን ትዛረባ።

ድሕሪ ንእሽተይ እዋን ድማ ሚሚ ንከንፈራ ልፒስትክን/ዝቕባእ ቀለምን/ኣዝማርቶን ንምልካይ ንኣዴኣ ፍቓድ ትሓትት። ሚሚ ክትኂሓሓል ግዘ ስለዝወስዳ ቤት ትምህርቲ ብእዋንካ ኣብ ምርካብ ምርፋድ ትጅምር። ሚሚ ኩልሻብ ኣኼባ ስድራ እንትህሉ ከክንዲ ምስ ዕድመ መሰተኣ ምሰ ዓበይቲ ኣወዳት ምኳን ትደሊ።

**ምኽራብ ሪፖርት ጉጅለ (ዓሰርተ ሓሙሽተ ደቒቓ)**

**መሳለጥቲ፡**

1. ተሳተፍቲ ኣብ ላዕሊ ዝቐረቡ ሕቶታት ምስ ተመያየጡ ብተወከልቶም ኣቢሎም በብተራ ምልሶም ንካልኦት ተሳተፍቲ ክገልፁ ይግባእ፡፡
2. ንሕድሕድ መኽረቢ ጉጅለ ሰለስተ ደቒቓ ጥራይ ብምፍቓድ ናይ ጉጅለኦም መልሲ ክኸርቡ ይግበሩ፡፡
3. ሓደ መኽረቢ ምስወደአ ክልተ ተሳተፍቲ ሪኢቶ ወይ ሕቶታት ክኸርቡ ይፍቐደሎም፡፡

መሳለጢ ተሳተፍቲ ኣብ ዝተውሃበ ርኢቶ መስተኻኸሊ ወይ ዝተውሃበ ሓሰብ መጠናኸሪ ይግበኦም፡፡

**ተፍትሽ : (ሓሙሽተ ደቒቓ)**

**መሳለጥቲ**

ካብ መንጎ ተሳተፍቲ ኣካላዊ፣ ስምዒታዊን ፆታዊ ጥቕዓት ህፃናት ከመይ ምክልኻል ከምዝካኣል ይሕተቱ፡፡

ንተፍትሽ ዝቐርቡ ሕቶታት ኣብ ዕለቱ እንታይ ዛእክል ከምዝተምሃሩ ንምግምጋም እምበር ፈተና ከምዘይኮነ ንወለዲ ክግለፀሎም ይግባእ፡፡

**መሳለጥቲ**

ቁልፊ መልእኽቲታት ይገልፅሎም

- ወለዲ ህፃናት ትኽክለኛ መረፃ ንከካይዱ ምድላው ይግባእ፡፡
- ኣብ ገዛ ውሽጢ በብዕለቱ ህፃናት ዘጋጠሞም ነገር ኣብ ዝዛረብሉ ግልፂ ምይይጥ ዝካየደሉ መድረኽ ምፍጣር ኣድላይ እዩ፡፡
- ወለዲ ኣብ ደቆም ጥቕዓት ከምዝበፅሓ ምጥርጣር እንተሓዲርዎም ብሜላ ንምሕጋዝ ምፍታን ግቡእ እዩ፡፡ ወለዲ ኣብ ልዕሊ ህፃናት ጥቕዓት ምስ ዝፍፅሙ ሰባት ምዝርራብ እንተኽኢሎም ወይ ጥቕዓት እንትፍፀም ንፖሊስ ወይ ኣብ ከባቢኦም ንዝርከብ ናይ ህፃናት ጥቕዓት ምክልኻል ሓላፍነት ዘለዎ ኣካል ሓበሬታ/ጥቆማ/ እንተሂቦም ንደቆም

ጥራሕ እንተይኮነስ ንደቂ እቲ ዝነብርሉ ማሕበረሰብ እውን ካብ ጥቕዓት ምክልኻል ይኽእሉ፡፡፡

- ኣብ ገዛ ይኹን ካብ ገዛ ወፃኢ ዓበይቲ ሰባት ወይ ብዕድመ ልዕል ዝበሉ ሰባት ምስ ደቅኹም ብጣዕሚ ዝቐረበ ርክብ እንትፈጥሩ ፈለማምንም ዓይነት ምፍጣጥ እንተይኣርአኹም ብጥንቃቐ ምክትታል ግበሩ፡፡ ደቅኹም ምስ መን እንታይ ብምግባር ግዘኦም ከምዘሕልፍዎ ፍለጡ፡፡ እዚ ክትትል ኣብ ልዕሊ ደቅኹም ክመፅእ ዝኽእል ሓደጋ ንክትጥንቀቑ ይሕግዝ፡፡
- ልምዲ ማዓልታዊ ውዕሎኹም ምዝራብ ኣማዕብሉ፡፡ ደቅኹም ተመሳሰሊ ልምዲ ከምናትኹም ከማዕብሉ ኣተባብዕዎም፡፡ ደቅኹም ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ እንታይ ከምዝሰርሑን ምስ መን ከምዝፃወቱን ሕተትዎም፡፡ ካልኦት ሰባት እንታይ ከምዝሰርሑ፣ እንታይ ከምዝረኣዩን ካልኦት እንታይ ከምዝሰንዑ ንክገልፁ የተባብዕዎም፣ይሸልምዎም፡፡

**መጠቓለልን ገዛ ዕዮን (ሓሙሽተ ደቒቓ)**

**መሳለጥቲ**

ተሳተፍቲ ኣብ እዋን ምይይጥ ኣብ ልዕሊ ህፃናት ዝበፅሑ ሓደጋታት ከመይ ምክልኻል ከምዝኽእል ጠቐምቲ መረዳእታ ከምዝረኸቡ ይግለፅሎም፡፡

ብተወሳኺ ናይ ባዕሎም ተጓንፎ፣ ዝፈፀምሉ ኩነታትን ሓዚ ኣብ ከባቢኦም ኣብ ልዕሊ ህፃናት ዝበፅሑ ሓደጋታት ምስ ጎረባብቶም ጠቓሚ ሓበሬታታት ተለዋዊጦም፡፡ ወለዲ እዚ ብዝምልከት ምስ ጎረባብቶምን ማሕበረሰብ ከባቢኦምን መረዳእታ ምዝራብ የድሊ፡፡

ብምቕፃልእውን ዕለታዊ ፍረ ሓሳብ እቲ ምይይጥ ንምዝኽኻር ዝሕግዝ በራሪ ወረቐት ንወለዲ ምሃብ የድሊ፡፡ ወለዲ ዝወሃብዎ ወረቐት ብጥንቓቐ ብምሓዝ ምስ ስድረኦም፣ ምስ ጎረባብቶመምን ማሕበረሰብ ከባቢኦምን ብሓባር ከንብቡ ናይ ገዛ ስራሕ ምሃብ ይግባእ፡፡ ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ ኣብ ናይ ለማዓልቲ ምይይጥ ንዝገበርዎ ተሳትፎ ምምስጋን የድልይ፡፡

**መሳለጥቲ መዘከር ይትሓዙ**

ኣብቲ ምይይጥ መወዳእታ ዝተረኸቡ ጠቓሚ ትምህርትን ወይ ሓደሽቲ ተመክሮታትን ብዝምልከት መሳለጢ መዘከርታ ክሕዙ ይግባእ፡፡ምኽንያቱ ንቐፃላይ ኣብ ናይ መመያየጥቲ ስልጠና ግዘ ዋና ዋና ሓሳባት ንምዝካርን ተዳልዩ ዝነበረ ማንዋል ንምምሕያሽ ዝሕግዝ ሓሳባት ንምትእኽኻብ ይጠቅም፡፡

# ተወሳኺ ሓበሬታ ንመሳለጢ

**ወለድ እንታይ ክገብሩ ይኽእሉ?**

**መሳለጥቲ**

ህፃናት ዝነብርላ ዓለም ንምፍላጥ ዝዓበየ ድሌት ኣለዎም። ስለዚ ኩልሻብ ዕብየቶምን ድሕንነቶምን ምስ ዝፍትን ምርጫኦም ይጋፈጡ።ወለዲ ደቆም ካብ ሓደጋ ንምክልኻል ድሕንነት ደቆም ብዝምልከት መርሃ ግብሪ ብምሓዝ ምትግባር ይግባእ። መርሃ ግብርና ዝስዕቡ ሓሙሽተ ተግባራት ክትሕዝ ይግባእ።

ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ሓሙሽተ ነጥባት ንተሳተፍቲ የንብብሎም። ወለዲ እዙይ ምፍፃም እንተኽኢሎም ድሕንነት ደቆም ኣብ ጥዕና ዘለዎ ኩነታት ምኚኑን ዘይምኚኑን ምግንዛብ ይኽእሉ።

1. **ምድላው፡** ወለዲ ደቆም ግቡእን ትኽክለኛን ምርጫኦም ንክውስኑ ፅቡ'ቕ ትምህርትን ኣመራርሓን ናይ ምሃብ ግድነት ኣለዎም። ስለዚ ወለዲ ምሰ ደቆም ምዝርራብ ምኽኣሎም ዓብይ ጅማሮ እዩ። ወለዲ ምሰ ደቆም ባህሊ ምምይያጥ እንትፈጥሩ ህፃናት ባዕሎም ንምሕጋዝን ከምእውን ወለዲ ንደቆም ንምርዳእ ዘኽእሎም ፅቡ'ቕ መንገዲ ይፈጥሩ።
2. **ምሕታት፡** ህፃናት ካብ ወለዶም ተፈልዮም ኣብ ዝፀንሕሉ ግዘ ምስ መን እንታይ እንዳገበሩ/እንዳተዘራረቡ ከምዘነበሩ ብፍ'ቕርን ብዝተረጋገዐን ኩነታት ናይ ምሕታት ልምዲ ክነብሮም ይግባእ። ብዙሕ ግዘ **ህፃናት ሰብ ኣይጎድኦምን** ዝብል ኣመለኻኽታ መዐሸዊ ክኸውን ይኽእል። ህፃናት ካብ ገዘኦም ወፃኢ ኣብ ዝፀንሕሉ ግዘ ብዛዕባ ዝነበርዎ ኩነታት ምሕታት፣ዝተፈፀሙ ፀገማት ወድያውኑ ፈሊጥካ ንምእራምን ንቐፃሊ ከጋጥም ዝኽእል ፀገምእውን ንምክልኻል ይጠቅም።
3. **ምድማፅ፡** ወለዲ ደቆም ብባዕሎም ምልዕዓል በብዕለቱ ዝዛረብዎም ነገር ብውነ ምድማፅ ይግባእ። ወለዲ ሓደ ሓደ ግዘ ህፃናት ፈጢሮም ዝዛረብዎ ዝመስል ነገራት ናይ ሓቂ ክኸውን ስለ ዝኽእል ጥንቃቐ ምግባር የድሊ።
4. **ምፍላጥ/ምርዳእ፡** ወለዲ ብዛዕባ ደቆም ፀባይ ምፍላጥ/ምርዳእ ይግበኦም።ምስ ደቆም ብሓባር ዝውዕሉ ህፃናትን ዓበይትን ፀባይ ብውነ ምፍላጥ/ምርዳእ ይግበኦም።

5. **ምምሃር፡** ወለዲ ደቆም ንክርደእሎም ምምሃር ይግባእ፡፡ህፃናት ካብ ጥኞዓት ናይ ምክልኻል ትምህርቲ ዝጅምር ብዛዕባ ክፍሊ ሰብነት ምፍላጥ እንትጅምሩ እዩ፡፡ህፃናት ዕድሜኦም ዝዘረቦም ምርዳእ ክሳብ ዝጅምሩ ካልኦት ሰባት ክነኽእዎም ዘይግባእ ክፍሊ ኣካላት ሰብነት ብግልፂ ክንገሮም ይግባእ፡፡ ህፃናት ክገብርዎም ዝግበኦምን ክገብርዎ ዘይግበኦምን ነገራት ክማሃሩ ይግባእ፡፡ ህፃናት ዝረኣይዎ፣ ዝስምዕዎ፣ ዝገበርዎ፣ ዝተዛረብዎ፣ካልኦት ዝገበርዎን ዝተዛረብዎን ንወለዲ ምዝራብ ኣድላይ ምኧኑ ምምሃር ግቡእ እዩ፡፡ እዙይ ህፃናት ህፃናት ብዛዕባ ውዕሎኦም ዝተፈጠሩ ፍፃመታት፣ ሓሳባትን ስምዒታትን ንክለዋወጡ የኽእሎም፡፡

## መጉዳእቲ ኣብ ህፃናት ከምዝበፅሐ ዘመላኽት ምልክታት መጠንቀኞታ ምፍላጥ

ጉደኣት ዝበፅሖም ህፃናት ዘርእይ ምልክታት መጠንቀኞታ ምፍላጥ ብኞልጡፍ ኣድላይ መስተኻኸሊ/እርማት ንምሃብ ንህፃናት ካብ ፀገም ንምንጋፍ ዝሐሸ ኣጋጣሚ ይፈጥር፡፡

**መሳለጥቲ**

መጥቃዕቲ ህፃናት መብዛሕቲኡ ግዘ ግልፂ ኣይኮኑን፡፡ ምልክታት መጠንቀኞታ ምምሃር ብዝተኸኣለ ቅልጣፈ ፀገም ንምፍላይን ከምእውን ጥኞዓት ዝተፈፀመሎም ህፃናትን ንጥኞዓት ፈፀምቲ ዘድልዮም ክትትል ንምግባር የኽእል፡፡ ብዛዕባ ጥኞዓት ህፃናት ምስ ህፃናት ምዝርራብ ኣፀጋሚ እዩ፡፡ ኮይኑ ግና ብጣዕሚ ጠቓሚ እዩ፡፡ ሜላታት ካብ ሰብ ሙያ ምርካብ ኣድላይ እዩ፡፡

ጥኞዓት ህፃናት ንምክልኻል ወለዲ ክወስድዎ ዝግባእ ናይ መጀመርያ ስጉምቲ ኣብ ገዛ ግልፂ ምይይጥ ምግባር እዩ፡፡ ህፃናት ኩልሻብ ብዛዕባ ዝበፅሖም ጥኞዓት ዘይክዛረቡ ይኽእሉ፡፡ ስለዙይ ወለዲ ካልኦት ምልክታት ብኣቓልቦ ምዕዛብ ይግባእ፡፡ ጥኞዓት ህፃናት ንምፍላይ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ነጥብታት ምስ ተሳተፍቲ ተመያየጡ፡፡

**ሓበሬታ- ተዘዋዋሪ መልእኽቲ**፡ ህፃናት ግልፂ ብዘይኮነ ምኽንያት ናብ መሓዛ ወይ ቤተሰብ ንምኻድ ድልየት ዘይክርእዩ ይኽእሉ እዮም፡፡ብዘይተለመደ ኩነታት ንዝተወሰነ ሰብ ክትቐርቦ ዘይምድላይ (ቀደም ዝቐርብዎ ዝነበሩ ስብ ምርሓኞ) ወይ ብተፀቀራሪ ቅድሚ ሓዚ ተቐራሪብካዮ ዘይትፍልጥ ሰብ ብሃንደበት ፍሉይ ኞርርብ ምፍጣር ካልእ ሓበሬታ እዩ፡፡

**ጫፍ ዝወፅኡ ፀባያት ምርኣይ፡** ብጣዕሚ ምንፅርፃር ወይ ሓደ ነገር ብጣዕሚ ምድላይ፣ ብጣዕሚ ስኽ ምባል ወይ ብጣዕሚ ኮራያይ ምኺን ህፃናት ጉድኣት ከምዝበፅሖም ከርእየና ይኽእል፡፡

- ምሰ ወለዲ ወይ መዕበይቲ ርክብ ዘለካ ዘይምምሳል
- ግቡእ ዘይኮኑ ነገራት ምርኣይ፤ ንኣብነት ከም ዓብይ ሰብ ንካልኦት ህፃናት ምሕብሓበ ወይ ከም ህፃን ቆልዓ ምውዝዋዝ፣ኣፃብዕቲ ምጥዋብ፣ምሕራቕ ከም ምልክት ክረኣዩ ይኽእሉ፡፡

**ሓበርቲ ምልክታት ጥቕዓት ኣካል**

- ተደጋጋሚ ቑስሊ ወይ ምልክት ወይ በሰላ
- ተመሳሳሊ ቕርፂ ዘለዎ ቑስሊ ኣብ ኢድን ከብዲ ከባቢን ይርአ
- ሰባት ከይነኽእዎም ምህዳም፣ብሃደበታዊ ምንቅስቓስ ምድንጋር ወይ ንገዛ ክትከይድ ምፍራሕ
- ቑስልካ ንምሽፋን ግቡእ ዘየኮነ/ዘይዕቅንካ ክዳን ምክዳን ንኣብነት፡- ኣብ እዋን ዋዕዩ ነዊሕ ኳሌታ ዘለዎ ሽሚዝ /ካምቻ/ ምክዳን፡፡

**ሓበርቲ ምልክታት ፆታዊ ጥቅዓት ኣብ ልዕሊ ህፃናት ምብፃሑ**

- ብዘይተለመደ ኩነታተ ንክትስጉምን ኮፍ ንክትብልን ምፅጋም
- ምስ ዕድሜኦም ዘይኸይድ ፍልጦ ፆታዊ ርክብ ወይ ድሌት ምርኣይ
- ኩሉ ግዘ ንቑሕ ምኺን ከምእውን ሕማቕ ነገር ከምዝስዕብ ሓሲብካ ንቑሕ ምኺን
- ናይ ምምርዓው ባህሪ ምርኣይ
- ብዘይተፈለጠ ምኽንያት ንዝተወሰነ ሰብ ጠቕሊልካ ምፅላእ
- ኣብ ቅድሚ ካልኦት ሰባት ክዳን ክትቕይር ዘይምድላይ ወይ ኣብ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምስታፍ
- ኣብ ብልዕቲ ከባቢ ከም ምብሕጫርን ምቕያሕን ዝመሳሰሉ ምልክታት ይረኣዩ
- ብዘይተሓለወ ኩነታት ኣብ መደቀሲኻ ምሻን፣ ድሌት ምግብን ምድቃስን ምስኣን

- ጥቕዓት ዘብፀሓሎም ስበ እንትርእዩ ምፍራሕን ምድንጋፅን
- ካብ ካልኦት ሰባት ዓርስኻ ምግላል
- ንባዕልኻ ምፅላእን ብዛዕባ ባዕልኻ ፅቡቕ ስምዒት ዘይምህላው (ንባዕልኻ ምድርባይ)
- ካብ ገዛ ምጥፋእን ዝምሳሰሉ ምልክታት ፆታዊ ጥቕዓት ከምዝበፅሖም የመላኽት።

## ሓበርቲ ምልክታት ጥቕዓት ምላሽ ዘይምሃብ ንድልየት ህፃናት

- ክዳን ብኣግባቡ ዘይምኽዳን፣ ክዳን ብጣዕሚ ምርሳሕ ወይ ንወቕቱ ዘይስማዕማዕ ክዳን
- ብተደጋጋሚ ፀገም ፅሬት ምርኣይ ንኣብነት ምርሳሕ፣ ጨጉሪኻ ጭፍጭርር ምባልምዘይምሕፃብን፣ ፅፍሪ ኢድን እግርን ምንዋሕ፣ብግልፂ ዝፍለጥ ጨና ሰብነት
- ሕክምና ዘረኽበ ሕማምን ኣካላዊ ቑስልን
- ብተደጋጋሚ ዝቐርበካ ምስኣን፣ ህፃናት ፅቡቕ ኣብ ዘይኮነ ቦታታት ወይ ኩነታት ክፃወቱ ብይንቶም ምግዳፍ
- ብተደጋጋሚ ካብ ቤት ትምህርቲ ምርፋድ ወይ ምትራፍ
- ውፅኢት ትምህርቲ እንዳቐነሰ ምምፃእ ብምልክትነት ክውሰዱ ይካኣል።

**መሳለጥቲ**

ወለዲ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ምልክታት ብተደጋጋሚ እንትርእዩ ደቆም ናቶም ሓገዝ ከምዝድልዮም የረድእዎም። ወለዲ ምስ ደቆም ብዛዕባ ውዕለኦም ብፍቕርን ብትዕግስትን ብዛዕባ ውዕለኦም ምዝርራብ ይግባእ። ወለዲ ፀገም ደቆም እንተፈሊጦም ከመይ ክልውጥዎም ከምዘለዎም ምሕሳብ ይግበኦም።ወለዲ ደቆም ምሕጋዝ እንተዘይክኢሎም ኣብ ቐረበኦም ዝርከብ ትካል ጥዕና ብምውሳድ ሰብ ሙያ ሕክምና ምምኻር የድሊ።

# ህፃናት ካብ ጥቕዓት ንምክልኻል እንታይ ምግባር የድሊ?

**መሳለጥቲ**

ኣብ ልዕሊ ህፃናት ጥቕዓት ከይበፅሕ ዝተፈለየ ስጉምቲ ካብ ወለዲ ወይ መዕበይቲ ትፅቢት ይግበር። ተሳተፍቲ እቶም ስጉምትታት ምርዳእ ንክኽእሉ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ባዕልኹም ኣቐዲምኩም ብምፅናዕ ኣመያይጥዎም።

- ንህፃናት ግዜ ክንህብ ኣለና።
- ኩሉ ግዜ ካብ ጥቕዓት ነፃ ምዃኖም ክነረጋግፅ ንኽእል ኣለና።
- ወለዲ ኣብ ልዕሊ ደቆም ብተደጋጋሚ ዝርእይዎም ፅቡቕ ዘይኮነ ምልክታት ወይ ጥቕዓት ምብፃሑ ዘመላኽት ምልክታት ብምፍላይ ግቡእ ሐገዝ ምሃብ የድሊ።

**ምክልኻል ፆታዊ ጥቕዓት ህፃናት**

ፆታዊ ጥቕዓት ምስ ጉድኣት ኣካል ኣስዒቡ ዘብፅሖ ጉድኣት ስምዒት ብጣዕሚ ዓብይ እዩ።

- ፆታዊ ጥቕዓት ኣብ ልዕሊ ህፃናት ናይ ሕፍረትን ገበነኛን ስምዒት ይፈጥር።
- ህፃናት ብዝበፅሖም ጥቕዓት ባዕሎም ይነቕፉ።
- ሕፍረት ፆታዊ ጥቕዓት ህፃናት ዝበፅሖም ንወለዶም ከይዛረቡ ይገብሮም።
- ንወለዶም ወይ ንመዕበይቶም ከምዘይኣምነዎም፣ ከምዝሓርቑሎም ወይ ስድራ ብምኽንያት ናሃቶም ክፈላለይ ይኽእል ብምባል እንዳሃሰቡ ይጭነቑ።
- ንባዕሎም ምፅላእ ክሳብ ምሟት ዝብል ውሳነ ይውስኑ።
- ንከቢድ ሕማም ኣእምሮ ክሳጠሑ ይኽእሉ።

**መሳለጥቲ**

ህፃናት ዝበፅሖም ጥቕዓት ብባዕሎም ዘምፅእዎ ከምዝኾነ ወይ ብዘይተፈለጠ ምኽንያት ከምዝመፅኦም ይስምዖም፡፡

እዙይ ኣመለኻኽታ ንምቕያር ወለዲ ኣብ ውሽጢ ስድራ ግልፅነት፣ ናይ ፍቕሪ/ምትሕልላይ/ ርክብ ከምእውን ኣብ ግዘ ድራር ብዛዕባ ማዓልታዊ ውዕሎኦም ልምዲ ምዝራብ ከማዕብሉ ይግባእ፡፡ ወለዲ ንምእማን ዘፀግመሎም ኩነታት ኣብ ዝፍጠረሉ እዋን እቲዋኒን ብኣግባቡ ምፅናዕ ይግበኦም፡፡

ወለዲ ካብ ህፃናት ዝስምዕዎ ነገር እንተይመርመሩ ዕሽሽ ምባል ወይ ከም ሓሶት ምውሳድ ኣይግበኦምን፡፡

- ብዙሕ ግዘ ንወለዲ ደቆም ዕሽሽ ዝብሉ ምኽኖም ንምርዳእ ቀሊል ኣይኮነን፡፡ ኮይኑ ግና ዕሽሽ ዝብልሉ ኩነታት ኣሎ፡፡ ንኣብነት፡-
  - ሓደ ሓደ ግዘ ወለዲ ዓብይ ጉድኣት የጋጥሞም ወይ ምርባሽ ስምዒት ይበፅሖም እሞ ደቆም ምሕብሓብ ይኣብዮም፡፡
  - ሓደ ሓደ ወለዲ ድማ ብኣልኮል ወይ ብጫት ወይ ብካልኦት መደንዘዝቲ ዓወናት ወልፊ ብምትሓዞም ደቆም ኣብ ምንታይ ኩነታት ውሽጢ ከምዘለዉ ኣየስተውዕሉን፡፡
  - ልዕሊ ዓቕሚ ስራሕ ዝበዝሖም ወለዲ ናይ ደቆም ፀገም ጠመተ ዘይክህቡ ይኽእሉ፡፡

**ወለዲ ኣብ ህፃናት ጥቕዓት ከምዝበፅሐ ጥርጣረ እንትሓድሮም ክገብርዎ ዝግባእ እንታይ እዩ?**

ወለዲ ኣብ ልዕሊ ህፃናት ጥቕዓት በፂሑ ዝብል ጥርጣረ እንተሓዲርዎም ኣቐዲሞም፡

- ህፃናት ምሕብሓብን ምርግጋዕን ይግበኦም፡፡
- ኣብ ጎኒ ህፃናት ጠጠው ምባል ይግበኦም፡፡
- ድሕንነት ህፃናት ንምሕላው ዋኒኑ ንዝምልከቶም ሕጋዊ ኣካላት ምፍላጥ ይግበኦም፡፡
- ካብ ባዓል ሙያ ሕክምና ሓገዝ ምሕታት ይግባእ፡፡

**መሳለጥቲ**

ጥቅዓት ዝበፅሖም ህፃናት ዋኒኑ ንዝምልከቶ ሕጋዊ ኣካላት ምፍላጥ ዝሽፍአ ጥቕዓት ከየስዕበሎም ንምግባር የኽእል፡፡ *ፆታዊ ጥቕዓት ዝበፅሓ/ዝብፅሖ/ ህፃን ብቕልጡፍ ናብ ትካል ጥዕና ብምውሳድ ኣድላይ ምርመራ ብምግባር ህፃናት ክበፅሕዎም ካብ ዝኽእሉ ሕማም ፆታዊ ርክብ ምክልኻል ይካኣል፡፡*

**ተወሰኽቲ ሓበሬታታት ንወለዲ ኣብ ልዕሊ ህፃናት ዝበፅሑ ጉድኣታት ንምክልኻል**

- *ወለዲ ኣብ ውሽጢ ስድራ ማዓልታዊ ውዕሎኦም ብምዝራብ ንህፃናት ግልፅነት ብምምሃር ኣብነት ክኾኑ ይግባእ፡፡ ህፃናት መዓልታዊ ውዕሎኦም ክዛረቡ ምትብባዕ ይግባእ፡፡*
- *ህፃናት ኣብ ሕማቕ ተጓንፎ ምስታፎም እንትዛረቡ ንክትነቕፎም ወይ ዋዕ ኢልካ ክትዛረቦም ኣይግባእን፡፡ ህፃናት ኣብ ሕማቕ ኩነታት ብምስታፎም እንድሕር ትሓርቑ ወይ እንድሕር ዋዕ ኢልካ ትዛረብ እንተኾይምኻ ንቐፃሊ ከምዙይ ዓይነት ኣጋጣምታት ኣይዛረብኹምን፡፡*
- *ህፃናት ሕማቕ ኣጋጣምታት ምስታፎም እንትዛረቡ ልክዕ ከም ፅቡቕ ስራሕ ሰሪሖም ከምእንገብሮ ክተበረታትዕዎም ይግባእ፡፡ ይኹን እምበር ዝተፈፀመ ሕማቕ ነገር ብህድእታን ብመንፈስ መሓዛነት መንገዲ ብዝርዝር* **እንታይ ከምዝተገበረ፣ መዓዝን ኣበይን ከምዝተገበረ ከምእውን ምስ መን ከምዝተፈፀመ** *ምምርማር ይግባእ፡፡ ኣብዚ ህፃናት ከይተሰናበዱ እቲ ዝተፈፀመ ሕማቕ ርግዕ ብምባል ክገልፁ ይግባእ፡፡ ካብ ህፃናት ዝተረኽበ መረዳእታ ንቐፃሊ እንታይ ክግበር ከምዘለዎ ንምውሳን ይሕግዝ፡፡*
- *ኣብ ገዛኹም ከባቢ ዓመቑቲ ጓዳጉዲ መውረዲ ውሕጅ ወይ መወገዲ ፈሰስቲ ትቦታት ወይ ዘይተደፈነ ጉድጓድ እንተልዩ ምድፋኖም ምርግጋፅ ኣድላይ እዩ፡፡*
- *ተለኺኮስቲ/ተቐፃፀቲ/ ምድጃታት፣ ኣብ ገዛ ውሽጢ ዝዳለዉ መሰተታት ኣልኮል፣ ክርቢታት፣ በለሕቲ ነገራት፣ መድሓኒታት ከምእውን ምህርቲ መሓለውቲ ውልቐ ፅሬት ህፃናት ኣብ ዘይረኽብዎ ቦታ ምቕማጥ የድልይ፡፡*
- *ህፃናት ምንቅስቓስ ኣካል ዝሰርሕሉን ዝፃወትሉን ቦታ ምምራፅ ግቡእ እዩ፡፡*
- *ህፃናት መንገዲ መኪና ከመይ ከምዝስግሩ ምክትታልን ምምራሕን ይግባእ፡፡*
- *ግልጋሎት ዝህቡ ናይ ኤሌክትሪክ ሶኬታት ምሽፋኖም ይግባእ፡፡*

- ወለዲ ፀባይ ውላድ ጎረቤት፣ ውላድ ዘመድን መሓዛን ምፍላጥ ይግበኦም።
- ንህፃናት ከም ለውዝ ሽሚጥ ወይ ካልኦት ክቢ ቅርፂ ዘለዎም ምግብታትን ደረቕ ከሬሜላ ምሃብ ኣይግባእን።
- ህፃናት ኣብ ከባቢ ማይ ወይ ኣብ ውሽጢ ማይ ገዲፍካ ምኻድ ስለዘይግባእ ብሓባር ምስኦም ምፅናሕ ኣድላይ እዩ።
- ህፃናት ሓዚልካ/ ሓቑፍካ ውዕይ ነገር ምሓዝ ፈፂሙ ኣይግባእን።
- ቐለልቲ ቑስልታት ቅልጡፍ ሕክምና ንምሃብ ናይ መጀመርያ ሓገዝ ሕክምና መውሃቡ ሳፁን ኣብ ገዛኻ ምቅማጥ የድሊ።
- ዝቆሰሉ ወየ ደሞም ዝፈስስ ህፃናት ንምሕጋዝ ጓንት ወይ ከረፅቲ ላስቲክ ምጥቃም ካብ ህፃናት ናብ ወለዲ ወይ ካብ ወለዲ ናብ ህፃናት ብቑሊሉ ዝመሓላለፉ ገርምታት ንምክልኻል ይሕግዝ።

## ብዘይተፈለጡ ሰባት ዝፍፀም ጠለፋን ፆታዊ ጥቕዓትን ንምክልኻል

- ህፃናት ኣብ ዘይፈልጥዎ ቦታ በይኖም ዘይምግዳፍ
- ህፃናይ ኣብ ዕዳጋ፣ ሃየማኖታዎ ቦታታትንካልኦት ቦታታትን በይንቶም ዘይምግዳፍ
- ህፃናት ኩሉ ግዘ ኣበይ ከምዘለዉ ምፍላጥ
- ህፃናት ካብ ክልተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ጀሚሩ ምስ ዘይፈልጥዎም ሰባት ክዘራረቡ ፅቡቕ ዘይምኧነ ምዝራብ የድሊ። ህፃናት ዘይፈልጥዎም ሰባት ክወስድዎም እንፍትኑ ወድያው እምቢ ክብሉ ወይ ዋዕ ኢሎም ድምፂ ከስምዑ የስልጥንዎም።

## ህፃናት ካብ ሓውን ምቅፃልን ምክልኻልን

- ክርቢትን ካልኦት ሓዊ መቐፃፀልቲ ነገራት ኩሉ ህፃናት ኣብ ዘይርኽብዎ ምቕማጥ።
- ምድጃ ህፃናት ኣብ ዘይርኽብዎ ቦታ ምቕማጡ ምርግጋፅ።
- ኣናእሽተይ ህፃናት ኣብ ምግቢ መዳለዊ ቦታ ዘይምምፅኦ ምርግጋፅ።

- ንህፃናት ብዝዋዓየ የማይ ምሕፃብ እንትደልዩ ኣቐዲዎም ዋዕዩ እቲ ማይ ብዝባን ኢዶም ምፍታሽ፡፡

- ግልጋሎት ዘይህቡ ናይ ኤሌክትሪክ ሶኬታት ወንበር፣ጠረጴዛን ዝተፈላለዩ ነገራት ብምጥቃም ኣብመንድቕ ዘለው ምሽፋን ይግባእ፡፡

- ህፃናት ኣብ ዝፃወትሉ ከባቢታት ኩሉ ዝፈልሓ ማይ ምቕማጥ ግቡእ ኣይኮነንው፡፡

**ህፃናት ካብ ሓደጋ መርዚ ምክልኻል**

- ኣብ ገዛ ወሽጢ ዝርከቡ መርዛማ ነገራት ፈልይካ ምቕመቀጥ፡፡

- ኣብ ገዛ ወሽጢ ዝርከቡ መርዛማ ነገራት ህፃናት ኣብ ዘይረኽብዎ ቦታ ምቕማጡ ምርግጋፅ፡፡

- ኩሎም መድሓኒታትን ናውቲ መድሓኒታትን ህፃናት ኣብ ዘይረኽብዎ ምቕማጥ፡፡
- ህፃናት ብጀካ ምግቢ ካልኦት ነገራት ናብ ኣፎም ንከየእትዉ ምምሃር ብመርዛማነገራት ዝምፅኡ ሓደጋታት ንምክልኻል ጠቓሚ እዩ፡፡

**ህፃናት ካብ ሓደጋ ምጥላቕ ማይ ምክልኻል**

- ህፃናት በይንቶም ፈፂምካ ኣብ ሽንት ቤት ዘይምግዳፍ፡፡

- ማዕፆ ሽንት ቤት መቆለፊ ብምድላው ኣብ ውሽጢ ሰብ ኣብ ዘይብሉ ግዘ ብደገ ምቁላፍ፡፡

- ኣብ ሩባ ወይ ከባቢ ዓይኒ ማይ ወይ ጉድጓድ ማይ ቐረባታት ዝኾኑ ቦታታት ምስ ህፃናት ብሓባር ምፅናሕ ይግባእ፡፡

- ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ጉድጓድ ማይ ሓፁር ክስረሐሎምን ኩሉሻብ ንክሕለዉ ምስ ከባቢያዊ ምምሕዳር ምዝርራብ ኣድላይ እዩ፡፡

**ህፃናት ካብ ሓደጋ መኪና ምክልኻል**

- ኣብ ምስጋር መንገዲ መኪና ኣእዳው ኣናእሽተይ ህፃናት ምሓዝ፡፡

- ህፃናት ዓርሶም ክኢሎም መንገዲ መኪና ምስጋር ምኽኣሎም ንምፍላጥ ፅርግያ እንትሰግሩ ምርእይ። ዕድሜኦም ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝኾኑ ህፃናት ፅርግያ በይንቶም ክሰግሩ ዘይምፍቓድ።

- ህፃናት ፅርግያ እንትሰግሩ ብቐጥተኛ መንገዲ ምጥቓም ክኽእሉ ምምሃር ግቡእ እዩ።

- ወለዲ ሕግታት ትራፊክ ብምኽባር ንህፃናት ኣብነት ምኳን/ፀጋየ መንገዲ ሒዝካ ምጉዓዝ፣ግቡእ መስገሪ መንገዲ መስመር/ዜብራ/ ስዒብካ ምስጋር ክለማመዱ ምግባር ይግባእል።

- ህፃናት ብቕዓት ምንቅስቓስ ኣካል ዝገብርሉን ዝፃናገዕሉን ድሕንነት ዝተሓለወ ቦታ ምምራፅ ኣድላይ እዩ።

- ህፃናት ፅርግያ እንተቋርፁ የማን ፀጋም ብምርኣይ ከምእውን ተሽከርካሪ መኪና ዘየለ ምኳኑ ብምርግጋፅ ክኸውነ ከምዘለዎ ምምሃር ኣድላይ አዩ።

- ህፃናት ኣብ መንገዲ መኪና ከይፃወቱ ምምኻር የድሊ።

- ህፃናት ብመኪና እንትጓዙ ኣብ ቅድሚት ወንበር ወይ ጋቢና ወንበር ዘይምጭቃም ግቡእ እዩ።

## ሓለዋ ድሕንነት ዕሽል ህፃናት

ኩሎም ተግባራት ምክልኻል ንህፃናት ኣድለይቲ እንተኾኑ እውን ጥዕናን ምክንኻን ዕብየት ህፃናት ድማ ብጣዕሚ ኣድላይን ጠመተ ዘድልዮ ዋኒንነ እዩ።

- **ህፃናት ካብ ውሽጢ ገዛ ሐደጋ ዘብፅሑ ነገራት ምክልኻል**
    - ✓ ኣብ ውሽጢ ገዛ ሓደጋ ናይ ምብፃሕ ዓቕሚ ዘለዎም ነገራት ኣለዉ።
    - ✓ ህፃናት ሓዚልካ ወይ ሓቑፍካ ዉዕይ ነገራት ምሓዝ ኣይግባእን።
    - ✓ ኣብ ጥቓ መደቀሲ ህፃናት ብርጭቆ፣ኣትክልቲ ወይ ገይፃ መይፂ ዘይምቕማጥ ምኽንያቱ ኣብ ርእሲ ህፃናት ከይወድቕ ምጥንቓቕ ኣድላይ እዩ።
    - ✓ ወንበርን ጠረጴዛታትን ተረጋጊያም ምቕማጦም ምርግጋፅ ባእ።

- ✓ ንህፃናት ብዝዋዐ የማይ ምሕፃብ እንትደልዩ ኣቐዲዎም ዋዕዪ እቲ ማይ ብዝባን ኢዶም ምፍታሽ፡፡
- ✓ ህፃናት ካብ ቁፅፅር ዓይንኹን ወፃኢ ዝኾነ ቦታ ንበይንቶም  ዘይምግዳፍ ፡፡

- **ምክልኻል መሕነቕቲን ምዕፋንን ህፃናት**
  - ✓ ዕሽል ህፃናት እንትድቅሱ ብሹቐኦም ጥራይ ምድቃስ፣ ትርኣስ ዘይምግባር፡፡
  - ✓ ዕሽል ህፃናተ ኣብ ዝደቅስሉ ከይዕፈኑ ብቐሊሉ ተጠምጢሞም ፀገም ዘይፈጥሩ ቐርጭራጭ ጨርቅታት ስፖንጂ መሳሊ ነገራት ከብ መደቀሲኦም ምርሓቕ፡፡ ኣብ ጎኒ ህፃናተ እንተዘይሃልይኩም ካብ ጎኒ ህፃናት ትርኣስ፣ ኮበርታ ወይ ባምቡላታት ኣበ ዝደቀሱ ህፃናት ዙርያ ዘይምቕማጥ
  - ✓ ኣብ ገዛኹም ኣብ ሕድ ሕድ ውሽጢ ክፍሊ ሳናቲም፣ መሳምር፣ ፀፀራትን፣ ሽንጣራት፣ መፋትሕን ካልኦት ኣናእሽተይ ነገራትን ረኺቦም ናብ ኣፎም ከየእትዉ ክፍሊ ምፅራይ
  - ✓ ህፃናት ዓቂንካ ምኹላስና ምርግጋፅ
  - ✓ መድሓኒታት፣ ቅባኣታትን  ኬሚካላትን ህፃናት ኣብዘየርክብዎ ቦታ ምቕማጡ ምርግጋፅ

## ወለዲ ኣብ ልዕሊ ህፃናት ብሃንደበት ንዝበፅሕ ሓደጋ ክገብርዎ ዝግባእ ምድላውን ስጉምትን

- ወለዲ ወይ መፅበይቲ ንንእሽተይ ቁስልታት ቀሊል ሕክምና ንምግባር ዘኽእል ናይ መጀመርያ ሕክምና ሓገዝ መውሃቢ ሳንፁን ኣብ ገዘኦም ምድላው ይግባእ፡፡
- ጉድኣት ዝበፅሖም ህፃናት ድጋፍ ብዓል ሙያ ክሳብ ዝረኽቡ ወለዲ እዙይ ናይ መጀመርያ ሕክምና ሓገዝ መውሃቢ ሳፁን ብምጽቓም ሓገዝ ክገብርሎም ይግባእ፡፡
- ናይ መጀመርያ ሕክምና ሓገዝ መውሃቢ ካብ ባኮ ወይ ካብ ላስተክ ምድላው ይካኣል እዩል፡፡ ናይ መጀመርያ ሕክምና ሓገዝ መውሃቢ ሳፁን ኣብ ውሽጡ ጡጥ፣ መዐሸጊ ቑስሊ ፕላስተር፣ ካብ ቤት መድሓኒት ዝግአኡ ቐስልን ጭሕጋግን ንምፅራግ ዘገልግል ጁቪን ከምእውንንቑስሊ መሸፈኒ ዝኸውን ፅሩይ ጨርቂ ምቕማጥ የድሊ፡፡

- ናይ መጀመርያ ሕክምና ሓገዝ መውሃቢ ሳዑን ህፃናት ኣብ ዘየርክብዎ ቦታ ምቕማጥ ይግባእ፡፡ናይ መጀመርያ ሕክምና ሓገዝ መውሃቢ ሳዑን ውሽጢ ዝርከቡ ነገራት ዝተጎድኡ ህፃናት ናብ ትካል ጥዕና ክሳብ ዝበፅሑ ዝህሉ ምፍሳስ ደም ንምክልኻል ይሕግዝ፡፡
- ዝተጎድኡ ህፃናት ንምሕጋዝ ዝፈሶም ደም ጠጠው ንምባል ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ግቡእ ጥንቓቐ ምግባር ይግባእ፡፡
- ወለዲ ዝደምይ ክፍሊ ኣካላት ሰብነት እንትነኽኡ ኣእዳዎም ብፅሩይ ፕላስቲክ ምሽፋን የድሊ፡፡ እዙይ እውንካብ ህፃናት ናብ ወለዲ ወይ ካብወለዲ ናብ ህፃናት ብቐሊሉ ዝመሓላለፉ ጀርምታት ንምክልኻል ይሕግዝ፡፡
- ወለዲ ዘደምይ ቑስሊ፣ ዘይተሸፈነ ቑስሊ፣ ናይ ቆርበት ቑስሊ፣ ዝተቐደደ ቆርበት ወይ ደም ብዝነኽኡ ጨርቕታትኣእዳውና ብፅሩይ ፕላስቲክ ምሽፋን የድሊ፡፡
- ህፃናት ናይ ካልኦት ሰባት ደምን ፈሳሲ ሰብነትን ፈፂሞም ክነኽኡ ከምዘይባእ ምምሃር ይግባእ፡፡